# ሕቡንየ ብሃገረይ

ሕቡን'የ ብሃገረይ ቢታ ርስተይ መረተይ፡
ፍጥር ክብለ ዝኾነት ትዕድልተይ፡
ከምሰብ ክነብር ትበኒ ክብረተይ።

ንሳ ሳላ ዘላትኒ ዘተንፍስ ሂወተይ፡
ባሕራን መሬታን ዝዓቖሮ ሃብተይ፡
ኣዝዩ ተመራጺ ካብተን ጎረባብተይ።

ስፍሓት የብላን ብዓቐን ምድሪ፡
ህዝባ ውሑድ ዝነብር ብፍቕሪ፡
ብጸማ ራሃጹ ምህርቲ ዘፍሪ።

ሃገረይ ንዓይ ልዕሊ ኩሉ፡
ትበኒ ጽሩይ ኣይየር ዘተንፍሰሉ፡
ንሳ እንተዘየላ ጸልማት'ዩ ኩሉ።

ለዋህ ወላዲት ሓብሓቢት ውሉዳ፡
ንኹሉ ተጥልል ኣብ ከበሳ ዘሎ ምድረቡዳ፡
ስለ ዝኾነት ምእንታኣ ዝብጀ ውላዳ።

ኤርትራ ስምኪ ንዓይ ካብ ኩሉ ዝመቀረ፡
ርእየ ነይጸግበኪ ዊዒለ ሓዲረ፡
ትገብርኒ ክኸውን ከም ሰብ ማዕረ፡
ራእይኺ ተቐኒተ ድቅስ ሓዲረ።

ሃገረይ ምጭውቲ ሰማያዊ ቅናትኪ፡
ጸላእቲኺ ብቕንኢ ዓይኖም ዘብኪ፡
ብሰላም ክትነብሪ ዓይኒ ኣባይ ይድፈነልኪ።

ሃገረይ እቲ ዝሕልን ንጥፍኣትኪ፡
ዝህቅን ናብ ባርነት ክመልሰኪ፡
ሂወተይ ቅርብቲያ ንስለ ድሕነትኪ።

ሎሚ ግዳ ኩሉ ርእየ ኣስተውዒለ፡
እቲ ቀደም እኳ ዘብለይ ከሎኹ ገለ፡
ንዓኺ ክብል እንድየ ንእስነተይ በዲለ።

ኣይመስለንን ኔይሩ ካባኺ ዝውለዱ ከድዓት፡
ፈጺሞም ዝጠሓሉ ኣብ ዘይወጽሉ መዓት፡
ተምበርኪኾም ዘገልግሉ ንኽዳሚት ስርዓት።

*ኣይመስለንን ኔይሩ ዝዝመር ኣውራጃነት፡*
*ወገን ዓሌት ዝወሃቦ ልዕለኺ ቀዳምነት፡*
*ግብሩ ዘይጸበቐ የብሉን ኣባኺ እምነት።*

*ኤርትራ እንቋዕ ኮንኪ ኣደ ብዙሓት፡*
*ንቡርዩ ክርከቡ ቁሩባት ጥምዙሓት፡*
*ኣሕሊፎም ዝህቡኺ ንዓመጽቲ ስርዓት።*

*ህላወኺ ህላወይ'ዩ ሓደ መትኒ፡*
*ብዘይ ብኣኺ ዕዉርየ ዘብለይ ዓይኒ፡*
*ብርሃን ካብ ጸልማት ምፍላይ የሸግረኒ።*

***ነባሪ ዝክሪ ንሰማእታትና***
***ዓወት ንሓፋሽ***

*ገብረንጉስ መስመር*
*መስከረም 30,2017*